## ኣብ ልዕሊ ሓባራዊ ጸላኢ ዝተነጸረ መርገጺ ከይሓዝካ ምቅላስ፡ ነጻነት፡ ሰላምን ደሞክራስን ልምዓትን ምርግጋጽ ኣይካኣልን፡

ኣብ መስርሕ ህዝባዊ ሓርነታዊ ቃልስና፡ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ እምነታትን ውደባታትን ካብ ቅድሚ ምርግጋጽ ሃገራዊ ነጻነትና ዝነበረ መድረኽ ቃልሲ ጀሚሮም ዋላ እኳ«ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብ ንላዕሊ ክጸውር ኣይክእልን እዩ» ዝብል ዘይወድዓውን ጸረ ደሞክራስን ዝኾነ ናይ ዕብለላ ፖለቲካዊ እምነት እንተነበረን፡ ነዚ ዘይቅኑዕን ኣብራስን እምነት'ዚ ንምርግጋጽ ክበሃል ኣብ ልዕሊ ካልኣዊ ፖለቲካዊ ፍልልይ ዘለዎም ተቓለስቲ ውድባት ክሳብ ወታሃደራዊ ጎነጽ ምጥቃም ዝበጽሕ ተርእዮ/ውግእ ሕድሕድ/ እንተነበረ ነቲ ወድዓዊ ህልውና ናይ ውድባትን ዝተፈልየ እምነታትን ክልውጦ/ከጥፈኦ ኣይከኣለን፡፡

ሃገራዊ ነጻነትና ብኣዝዩ ከቢድ መስዋእትን ስንከላን፡ ሓሳረ-መከራን ብምኽፋል ምስ ተረጋገጸት ኣብ ዝቓጸለ ፖለቲካዊ ኩነታት'ውን ኣይተቐየረን፡፡ እቲ ናይ ዓብለልቲ ግጉይ ርእይቶ መሊሱ ተጠናኺሩ፡ ነጻ ፖለቲካዊ እምነት ምሓዝ ይኹን ተወዲብካ ምቅላስ ከም ገበን ተቖጺሩ፤ ፍሉይ እምነት ዘለዎም ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት ከም ከዳዓትን ሓሙሻይ መስርዕን ተራእዮም ብሓይሊ ንክጠፍኡ ብመ/ህግደፍ እናተሰርሓሉ መጺኡን ይቕጽል ኣሎን፡፡ ካብዚ ታሪኻዊ ፖለቲካዊ ሓቂ'ዚ ብምብጋስ ድማ ዝተፈላለያ ፖለቲካዊ ውድባት ሓይለን ኣላፊነን ኣንጻር ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ክቃለሳ ዝተፈላለዩ ልፍንታዊ ግንባራት እናመስረታ ክቃለሳ ጸኒሐንን ይቃለሳ ኣለዋን፡፡ ተቓወምቲ ውድባትና ብከምዚ ዝጥቀስ ዘሎ ኣገባብ እናተቓለሳ ዝመጻ ይኹና'ምበር፡ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ ሓደን ዝጠንከረን ሚዛንን መርገጽን ንምሓዝ ዝግበር ዝነበረ መስርሕ ቃልሲ ግን ቀሊል ኣይነበረን፡፡

ንኣብነት ካብቶም ዝቀላቐሉ ዝነበሩን ዘለዉን ዝተፈለላለዩ ርእይቶታት ንምጥቃስ ዝኣክል፤ ገለ ውድባት መ/ህግደፍ ጸረ ህዝብን ጸረ ደሞክራስን /ጸላኢ/ ኢዩ ክውገድ ኣለዎ ክብል እንከሎ፤ ገለ ድማ መ/ህግደፍ ዲክታቶር'ዩ፤ መ/ህግደፍ ገባቲ/በሓቲ እዩ፡ ዝብሉ ርእይቶታት ክኾኑ እንከለዉ፡ ካብዚኦም ፍልይ ዝበሉ ድማ፡ መ/ህግደፍ ሃገራዊ ስለ ዝኾነ መላኺ እምበር ጸላኢ ክበሃል ኣይክእልን እዩ፡ ጸላኢ ክበሃል ዘለዎ ባዕዳዊ ሓይሊ ምስ ዝኸውን ጥራሕ እዩ ዝብል፡ ስጊንጥር ዝኾነ እምነትን ክለሳ ሓሳብን ዝህቡ ርእይቶታት፤ ገለ ናብዚ ዝቀራረቡ እምነታት ድማ፡ ንዓማጺ ስርዓት ህግደፍ ምስ ናይ ዓፈናን ጭፍጨፋን ትካላቱ ዝቕበል፡ እቲ ጸገም ኢሰያስ ኣፈወርቅን ዝተወሰኑ መሳርሕቱን ምዃኖም ብምጥቃስ ክለግሱ ከም ዘለዎም፡ እቲ ስርዓትን መሓውራቱን ግን ከም ዘለውዎ ክቕጽሉን ኣብ መሰጋገሪ መድረኽ ክመርሑ ከም

ዝግበኦም ዝቕበል እምነት‘ውን ህልዊ እዩ፡፡ ካልእ ስርዓት ህግደፍ ናይ ህዝብን ሃገርን ልዑላውነት ካብ ናይ ግዳም ወረርቲ ዝከላኸልን ዝዕቅብን ከም ዘሎ ዝገልጹ ሓይልታት‘ውን ኣለዉ እዮም፡፡

እዞም ብመጠኑ ዝተጠቕሱ ርእይቶታት ኣብ ልዕሊ ጸላኢ /ህግደፍ/ ደጋፍትን ኣተባባዕትን ተጣበቕትን ኣሞንስትን ርእቶታት ዝሕብርዎ ነገር እንተሃለወ፡ ደምበ ተቓውሞና ኣብ ልዕሊ ሓባራዊ ጸላኢ/ህግደፍ/ ዝተነጸረ ሓባራዊ ሚዛንን መርገጽን ኣብ ምሓዝ ዓቢ ፖለቲካዊ ብደሆ ከጋጥሞ ምጽንሑን የጋጥሞ ምህላዉን እዩ ብብሩህ ዝሕብርን ዘረጋግጽን፡፡

እዚ በዳሂ ፖለቲካዊ ተርእዮ‘ዚ ምስቶም ኣብ ደምበ-ተቓውሞና ዝረኣዩ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ድኽመታትን ጸገማትን ተደሚሩ ተወሳኺ ኣሉታዊ ተጽዕኖ ዝፈጥር ዘሎ ብምዃኑ ንምውጋዱ ክንቃለስ ከም ዝግባኣና ዘተሓታትት ኣይኮነን፡፡ ምኽንያቱ፡ ኣብ ልዕሊ ሓባራዊ ጸላኢ/ህግደፍ/ ሓደን ዝጠንከረን ገምጋምን መርገጽን ከይሓዝና እንገብሮ ቃልሲ እናተሰናኸለ ኣብ ሽትኡ ከይበጽሐ ግዜ ዝበልዕ፤ ዓቕምታትና ዘዳኽምን ዕድመ ናይ ጸላኢ ጭቆና ካብ ምንዋሕ ሓሊፉ ካልእ ዘምጽኦ ኣወንታዊ ፖለተካዊ ኣበርክቶ የብሉን፡፡

ስለ ዝኾነ ድማ ኣብ ልዕሊ ሓባራዊ ጸላኢና ክተሓዝ ዝግበኦ መርገጺ ሓደ ካብቶም ብቐዳምነት ክስርዑ ዝግበኦም ነጥብታት እዩ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ እቶም ኣንጻር ጸላኢ ክካየዱ ዘለዎም ቃልስታት/ዕማማት/‘ውን በዚ ቀዳማይን ኣገዳስን መርገጺ እዚ ክምርሑን ክምእዘዙን ስለ ዝግባእ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዝተነጸረ ሓባራዊ መርገጺ ከይሓዝካ ዝካየድ ናይ ቃልሲ ዕማማት‘ውን ስለ ዘይዕወቱ፡ ብሃውሪ እንተተፈተኑ‘ውን ናይ ቃልሲ መርሖን ኣንፈትን ስኢኖም መኺኖም ዝተርፉን ዝፈሽሉን እዮም ዝኾኑ፡፡

እዚ ኣብ ውሽጢ ደምበ-ተቓውሞና ዝረአ ዘሎ ድኽመታትን ዓንቀፍቀፋትን፡ ብከፊሉ ካብዚ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዘሎ ዘይተወሃሃደ መርገጺ ዝብገስ ምዃኑ ዝካሓድ ኣይኮነን፡፡ ይኹን‘ምበር እቲ ጸገም፡ እዚ ኣሉታዊ እምነታትን ርእይቶን ምህላዉ ጥራሕ ኣይኮነን ዝፍጥር ዘሎ እንታይ ዳኣ፡ እቲ ናብ ልዕሊ ጸላኢ/ህግደፍ/ ዝተነጸረ መርገጺ ዘለዎ ዝበዝሐ ተቓዋሚ ሓይልታት ካብ ዘለዎ ሓባራዊ እምነት እናተበገሰ ናብ ልዕሊ ሓባራዊ ጸላኢ ክካየድ ዝግበኦ ቃልሲ ተጠናኺሩ ክቕጽል ኣብ ምግባርን፡ ነቶም ዘይቅኑዕ ርእይቶ ብምሓዝ ምስ ጸላኢ/ህግደፍ/ ዝደናገጹን ዝድግፉን ዘለዉ ኣካላት ኣብ ምቅላዕን ምምካትን፡ ግበኦም ካብ ዘይምፍጻም ዝብገስ ዝረአ ዘሎ ጉድለታት ዝዓበየ ምዃኑ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ እዩ፡፡

እዚ ማለት ካኣ እቶም ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ንጹር መርገጺ ዘለና ተቓወምቲ ኣካላት፡ ኲሉ ተቓዋሚ ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ሓደ ንጹር መርገጺ ክሕዝ ከይተጸበና፡ ኣብ ልዕሊ ጸላእን፡ ደጋፍን ተደናጋጽን መርገጽን ርእይቶን ዘለዎም ኣካላትን ክካየድ ዝግበኦ ቃልሲ ከም ግቡእና ወሲድና እናኣቃላዕና ህዝባዊ ቃልስና ኣጠናኺርና ዓቲብና ክንቃለስ ብዘይምብቃዕና ዝተራእየን ገና ዝረአ ዘሎን ድኽመታት ህልውን ዓብን ስለ ዝኾነ እዩ፡፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞና ኣብ ልዕሊ ሓባራዊ ጸላኢ ዘይተነጸረን ዝተፈላለየን ፖለቲካዊ መርገጺ ብምሓዝ ክንቃለስ እንተዳኣ ተመሪጹ ህዝባዊ ቃልስና ካብ ዘለውዎ ዝተፈላለዩ ድኽመታትን ጸገማትን ምልቓቕ እናተሳእኖ ዝተረመሰ ፖለቲካዊ ሂወት ከሕልፍ ምፍቃድን ምፍራድን ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ ናብ ሓደጋ ምፍሻል ከአንፍት ዝግደድ እዩ ዝኸውን፡፡

ኣብ ልዕሊ ሓባራዊ ጸላኢና ዝተነጸረ ገምጋምን መርገጽን ብምልኣት ከይጨበጥና ምቅላስ፡ ጸላኢ ብምውጋድ ዝተማለአ ነጻነት፡ ሰላምን ምርግጋእን ብምስፋን፡ ደሞክራስዊ ለውጥን ልምዓትን ክውን ብምግባር ምጥቃምን ምዕባለ ናይ ህዝብታትናን ሃገርናን ምርግጋጽ ስለ ዘይካኣል፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ክተሓዝ ዘለዎ መርገጺ ፍሉይ ትኹረት ብምሃብ ንምጭባጡ ዕቱብ ቃልሲ ንከነካይድ ኢና ንሕተት ዘለና፡፡ ስለዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ኩሉ ዓይነት ጭቆና ክሰፍን፡ ዕድመ ጸላኢ ክነውሕን፡ ነጻነትና ክትድንጉን፡ ኣብ ብህዝብታትናን ሃገርናን ሰላምን ምርግጋእን ንከይህሉን ከይሰፍንን ዝገብር ዘሎ መን ኢዩ ኢልና ኣገዳሲ ፖለቲካዊ ሕቶ ክንድህስስ ከለና፡ ድኽመታት ናይ ደምበ ተቓውሞና ዕድል ዝሃቦም ውልቀ-መላኺ ስርዓት ህግደፍን ዕሱባትን ምሉኻትን ኣባላቱን ሰዓብቱን ካለኦት ኣብ ቃልሲ ተስፋ ዝቖረጹ ውልቀ-ባእታታትን ጉጅለታትን እዮም፡፡ ስለ ዝኾነ ናብ ኣቶም ዘነጻጸረ ኩሉ-መዳያዊ ዘላቒ ቃልሲ ከነካይድ ክንበቅዕ ኣለና፡፡

ናብ ዓወት ከብጻሓና ዝኽእል ብሕታዊ መማረጺ ናይ ቃልሲ‘ምበኣር ኣብ ደምበ-ተቓውሞና ዘለዉ ድኽመታትን ጸገማትን እናፈታሕና፡ ናብ ደምበ ጸረ-ሰውራ/ጸላኢ/ ዘዘንበሉን ዝውግኑን ዘለዉ ዓንቀፍቲ እምነታትን ኣካላትን እናመከትናን እናኣፍሸልናን ንጨፍዓፊ ስርዓት ህግደፍን ሰዓብቱን ተቓሊስና ንምውጋዶም ምርብራብ እዩ፡፡ ስለ ዝኾነ፡ ዝኾነ ተቓዋሚ ሓይሊ ይዕበ ይንኣስ ብዘየገድስ፡ ሓላፍነታዊ ተረድኦ ብምሓዝ፡ ስሉጥ ዓወትን ውልቀ ጠቕምን ከይተጸበና፡ ዘላቒ ዓወት ንምርግጋጽ፡ ኣንጻር ገባቲ ስርዓት ህግደፍን ደገፍቱን ተንበርከኽትን ኣካላት ተኣማሚኑን ተወሃሂዱን ዝቃለስ ስጡም ሃገራዊ ሓይሊ ብምውዳብ፡ ውሑስ ሃገራዊ ዓወት ንምርግጋጽ ክንቃለስ መተካእታ ዘይብሉ ወድዓዊ ሕቶ ናይ ህዝባዊ ቃልስና እዩ‘ሞ ምእንቲ ድሕነት ህዝብናን ሃገርናን በብዝዓቕምና ሓሪንና ንቃለስ!

**ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ)**

02 ሰነ 2024